መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# ልደት ኢየሱስ ክርስቶስ



ጸሓፊ ፦ Edward Hughes
ገላጺ ፦ M. Maillot
Alastair Paterson
ኣወሃሃዲ፣ E. Frischbutter; Sarah S.
ተርጋሚ፦ ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ
ኣባዛሒ፦ Bible for Children
www.M1914.org

BFC
PO Box 3
Winnipeg, MB R3C 2G1
Canada

©2020 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ቅድሚ ነዊሕ ዘመናት እግዚኣብሄር መልኣኹ ናብ ሓንቲ ብርኽቲ ኣይሁዳዊት መንእሰይ ድንግል ማርያም ዝተባህለት ለኣኾ። እቲ ዝተላእከ መልኣኽ በለ። ″ወዲ ክትወልዲ ኢየሱስ ክትሰምዮ ኢኪ በላ። ንሱ ድማ ወዲ እቲ ልዑል ኣምላኽ ክስምዮ ንዘለኣለም ድማ ክገዝእ እዩ።″



″እዚ ከመይ ኢሉ ኪኾውን ኣዩ?″
ማርያም ብምግራም ሓተተቶ
″ሰብኣይ ከይፈለጥኩስ″ እቲ
መልኣኽ ድማ መንፈስ ቅዱስ
ክወርደኪ ሓይሊ እቲ ሉዑል
ከጽልለኪ። እቲ ዝወለድ
ድማ ወዲ ልዑል
ኣምላኽ እዩ።



ወሲኹ እቲ መልኣኽ ንማርያም
እታ ዘመድኺ ኤልሳቤጥ ኣብ
እርግንኣ ወዲ ጠኒሳላ በለ።
እዚ ከኣ ተኣምርዩ ንዓኺውን
ከምኡ፣ ማርያም ብኡ
ንብኡ ተቐላጢፋ
ንኤልሳቤጥ በጽሓታ።
ብሓደ ሓቢረን
ድማ ንኣምላኽ
ኣመስገንአ።



ማርያም ድማ ንዮሴፍ ዝበሃል
ሰብኣይ ተሓጽያ ነበረት። ጠኒሳ
ምስ ረኣያ ኣዝዩ ጉሃየ
ምናልባት ካልእ ሰብ ዘጥነሳ
መሲሉዋ ነበረ።



እግዚኣብሄር ግና ጻገም ዮሴፍ ተረዲኡ
ብሕልሚ ከምዚ ኢሉ ነገሮ እቲ ማርያም
ጠኒሳቶ ዘላ ካብ መንፈስ ቅዱስ እዩ።
ዮሴፍ ድማ ንማርያም ወሲዱ ተኸናኸና።



ዮሴፍ ንእግዚኣብሄር ኣመኖን ተኣዘዞን፣ ነቲ ሕጊ ናይ ዓዲ’ ውን
ተኣዘዞ። ብምኽንያት ዝተዋህበ ኣዋጅ
መንግስቲ ግብሪ ክኸፍልን
ክጻሓፍን ናብ ዓዱ
ቤተልሄም ከደ።



ማርያም ድማ ንሕርሳ ተቀራረበት ኣብቲ ዝገሸዎ ዓዲ ግና መዕረፊ ኣጋይሽ ኣይረከቡን። ኵሉ ብኣጋይሽ መሊኡ ጸነሖም።



ዮሴፍ ድማ በቲ ድምጺ እግዚኣብሄር ምስምዑ ዕረፍቲ ረከቦ። ኣብ ጊዚኡ ድማ እቲ ህጻን ኢየሱስ ተወልደ። መዕረፊ ስለ ዘይነበሮም ግና ኣብ መብልዕ ማል ወለደቶ።



ኣብቲ ከባቢ ድማ ከብቶም ዝሕለው ጓሶት ነበሩ። መልኣኽ እግዚኣብሄር ድማ ተራእዮም እቲ ዓቢ ሓጎስ ልደት የሱስ ክርስቶስ ድማ ኣበሰሮም። ኣብ ዓዲ ዳዊት መድሓኒ ክርስቶስ ተወሊዱ ኣሎ ነቲ ህጻን ድማ ምስ ወለዱ ኣብ መብልዕ ማል ክትረክብዎ ኢኹም በሎም።



ብድንገት ድማ ብዙሓት መላእኽቲ ምስኡ ኮይኖም ከምዚ እናበሉ ኣመስገኑ ″ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን ኣብ ላዕሊ ስምረቱ ድማ ምስቶም ኣብ ምድሪ ዘለዎም ሰባት ይኹን″ በሉ።



እቶም ጓሶት ድማ ተቐላጢፎም ክርእዩዎ ከዱ። ነቲ ህጻን ድማ ምስ ወለዱ ብዓለባ ተጠቕሊሉ ረኣዮዎ፣ እዚ ምስ ረአዩ። ብዛዕባ እቲ ሕጻን እተነግረሎም ነገር ኣውረዩ።





ድሕሪ 40 መዓልቲ ምንጻህ ድማ ነቲ ህጻን የሱስ ናብ መቅደስ ኢየሩሳሌም ኣምጽእዎ። ስምኦን እቲ ምጽንናዕ እስራኤል ዝጽበ ዝነበረ ድማ ነቲ ህጻን ሓቑፉ ንኣምላኽ ኣመስገነ ከምኡ’ውን ሃናን ካልኦትን ንእግዚኣብሄር ብዛዕባ እቲ ህጻን ኣመስገኑ። በዚ ከኣ ዮሴፍን ማርያምን ኢየሱስ ወዲ እግዚኣብሄር ምዃኑ ፈለጡ፣ ዮሴፍ ከምቲ ኣብ ሕጊ እግዚኣብሄር እተባህለ ኸኣ, ክልተ ባሬቶ ንመስዋእቲ ኣቕረበ።

ሰብ ጥበብ ድማ ኮኮብ
ኣብ ምብራቕ ርኢና
እሞ ክንሰግደሉ ″እቲ
እተወልደ ንጉስ ኣይሁድ
ኣበይ ኣሎ″



እናበሉ ካብ ምብራቕ
ናብ የሩሳሌም
መጹ።

ንጉስ ሄሮድስ ብዘላ ኢዮርሳሌምን
እዚ ሰምዖም ሰንበዱ። ሄሮድስ
ንሰብ ጥበብ ረኪቡ ድማ
ኬድኩም ብዛዕባ እቲ ህጻን
ኣርጊጽኩም መርምሩ። ምስ
ረኺብኩምዎ ኣነ ከኣ መጺኤ
ክሰግደሉ ኣፍልጡኒ በሎም።
ከምኡ ዝበሎም ግና ነቲ ህጻን
ክቀትሎ ኢሉ እዩ እምበር
ክሰግደሉ ኣይኮነን።



ሰብ ጥበብ ካብ ንጉስ ምስ ወጹ እቲ ኣብ
ምብራቕ ዝረኣዮዎ ኮኮብ ኣብ ልዕሊ እቲ ህጻን
ዘለዎ ቦታ መጺኡ ደው ክሳዕ ዝብል
መርሖም፣ ናብ ቤት ኣትዮም ነቲ
ህጻን ምስ ማርያም ኣዲኡ ረኣይዎ
ፍግም ኢሎም ሰገድሉ። ሳጽኖም
ከፊቶም ከኣ ወርቅን
ዕጣንን ከርበን ገጸ
በረኸት ሃብዎ።



እግዚኣብሄር ናብ ሄሮድስ ከይምለሱ
ብሕልሚ ምስ ተራእዮም ብኻልእ
መገዲ ናብ ሃገሮም ተመልሱ ሄሮድስ
ሰብ ጥበብ ከም ዘላገጹሉ ምስ ረኣየ
ብዙሕ ኲረየሎም ንኹሎም ህጻናት
ቤተልሄም ቀተለ።





ንወለዱ ብሕልሚ
ኣቀዲሙ ተገሊጽሎም
ስለዝነበረ ንግብጺ
ከይዶም ጸንሑ። ካብቲ
ሞት ህጻናት ድማ
ብኸምዚ ኢየሱስ
ተረፈ።

ሄሮዶስ ምስ ሞተ
እንሆ ኣብ ግብጺ
መልኣኽ እግዚኣብሄር
ንዮሴፍ ብሕልሚ
ተራእዮ’ ሞ



˝ተንስእ ነዚ ህጻንን ነዲኡን
ሒዝካ ናብ ምድሪ እስራኤል ኪድ˝ በሎ፣
ኣብ ምድሪ ገሊላ ናዝሬት እትብሃል ከተማ
ተቀመጠ። በዚ ድማ ኢየሱስ ናዝራዊ ተባህለ።

# ልደት ኢየሱስ ክርስቶስ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ማቴ 1-2 ሉቃ 1-2

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
"ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣" ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3፡16